# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

## የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 17 ዓመት ቑ. 24 መቐለ
30 ሓምለ /2002 ዓ.ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

17ኛ ዓመት ቁ. 24 መቐለ
ሓምለ 30/2002 ዓ/ም


## ቑፅሪ ኣዋጅ 181/2002 ዓ.ም

## መመሓየሺ ኣከፋፍላ ቴምብር ቀረፅ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ

ኣብ ኣፈፃፅማ እቲ ኣዋጅ ዘጋጥም ዝነበረ ዝተወሰነ ፀገም ንምፍታሕን፣

መሰልን ግቡኡን ክፋሊ ቀረፅ ቴምብር ብዝርዝርን ብግልፅን ምስፋሩ ግልፅነትን ተሓታትነትን ዘለዎ ኣሰራርሓ ንክህሉ ኣድላዩ ብምዃኑ፣

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49(3)(ሀ) ዝሰዐብ መመሓየሺ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

### ክፍሊ ሓደ

### ሓፈሻዊ

1. ሓፂር ርእሲ

እዚ ኣዋጅ "መመሓየሺ ኣከፋፍላ ቴምብር ቀረፅ ንምውሳን ዝወፀ ቑፅሪ ኣዋጅ 181/2002" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

2. ትርጉም

1. "ኤጀንሲ" ማለት ኤጀንሲ ልምዓት እቶት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ'ዩ፣
2. "ቴምብር ቀረፅ" ማለት ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንዝውሃብ ግልጋሎት ዝኽፈል ቴምብር ቀረፅ እዩ።

## አዋጅ ቁጥር 181/2002 ዓ.ም

## የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የቴምብር ቀረጥ አከፋፈልን ለመወሰን የወጣ ማሻሻያ አዋጅ

በአዋጅ አፈፃፀም ያጋጥም የነበረ የተወሰነ ችግር ለመፍታት እና፣

የቴምብር ቀረጥ ከፋይ መብትና ግዴታ በዝርዝርና በግልፅ ማስቀመጥ ግልፅነትና ተጠያቂነት ያለው አሰራር እንዲኖር አስፈላጊ በመሆኑ፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ሕገ-መንግስት አንቀፅ 49(3)(ሀ) የሚከተለው ማሻሻያ አዋጅ አውጥቷል።

### ክፍል አንድ

### ጠቅላላ

1. አጭር ርእስ

ይህ አዋጅ "የቴምብር ቀረጥ አከፋፈልን ለመወሰን የወጣ ማሻሻያ አዋጅ ቁጥር 181/2002" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

2. ትርጓሜ

1. "ኤጀንሲ" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የገቢዎች ልማት ኤጀንሲ ነው፡
2. "ቴምብር ቀረጥ" ማለት በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ለሚሰጥ አገልግሎት የሚከፈል የቴምብር ቀረጥ ነው።

## 3. መመሓየሺ

ኣከፋፍላ ቴምብር ቀረፅ ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 124/1999 ከምዝስዕብ ተመሓይሹ ኣሎ።

1. ኣብቲ ኣዋጅ ኣብዝኾነ ይኹን ቦታ "ቢሮ ፋይናንስን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን" ዝብል ሽም ተሰሪዙ "ኤጀንሲ ልምዓት እቶት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ" ብዝብል ተተኪኡ ኣሎ።
2. ዓንቀፅ 9 እቲ ኣዋጅ ተሰሪዙ በዚ ዝስዕብ ሓድሽ ዓንቀፅ 9 ተተኪኡ ኣሎ።

### "9. መሰል ምቅራብ ይግባኣኒ"

ኤጀንሲ ኣብ ዝውሰኖ ዓቐን ቴምብር ቀረፅ ዘይተስማዕመዐ ከፋሊ ቀረፅ ውሳነ ኤጀንሲ ካብ ዝፈለጠሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ቅሬታኡ ንጥርዓን መፃረዪ ወይ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ንግብሪ ይግባኣኒ ሰማዒ ጉባኤ ምቕራብ ይኽእል።

3. ኣብ ኣዋጅ ቁፅሪ 124/1999 ዓንቀፅ 9 እዞም ዝስዕቡ ሓደሽቲ ዓንቀፃት 10፣11 ን 12 ተወሲኾም ኣለው።

### "10 ምልዓል መቕፃዕቲ"

ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ከፋሊ ቴምብር ቀረፅ ዝተወሰነ ምምሕዳራዊ መቕፃዕቲ ብመሰረት ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዘፅደቖ መምርሒ ሙሉእ ብሙሉእ ወይ ብኸፊል ምልዓል ይከኣል።



## 3. ማሻሻያ

የቴምብር ቀረጥ አከፋፈልን ለመወሰን የወጣ አዋጅ ቁጥር 124/1999 እንደሚከተለው ተሻሽሏል።

1. በአዋጁ በማንኛውም ሥፍራ "የፋይናንስ እና ኢኮኖሚ ልማት ቢሮ" የሚለው ስያሜ ተሰርዞ "የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የገቢዎች ልማት ኤጀንሲ" በሚለው ተተክቷል።
2. የአዋጁ አንቀፅ 9 ተሰርዞ የሚከተለው አዲስ አንቀፅ 9 ተተክቷል።

### "9. ይግባኝ የማቅረብ መብት"

ኤጀንሲው በወሰነው የቴምብር ቀረጥ መጠን ላይ ያልተስማማ ቀረጥ ከፋይ የኤጀንሲው ውሳኔው በፅሁፍ ካስታወቀበት ቀን አንስቶ በ10 ቀናት ውስጥ ቅሬታውን ለአቤቱታ አጣሪ ወይም በ30 ቀናት ውስጥ ለግብር ይግባኝ ሰሚ ጉባኤ ማቅረብ ይችላል።

3. በአዋጅ ቁጥር 124/1999 አንቀፅ 9 የሚከተሉትን አዳዲስ አንቀፆች 10፣11፣ እና 12 ተጨምረዋል።

### "10 ቅጣት ማንሳት"

በማንኛውም የቴምብር ቀረጥ ከፋይ ላይ የተጣለውን አስተዳደራዊ መቀጮ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት በሚያፀድቀው መመሪያ መሰረት ሙሉ በሙሉ ወይም በከፊል ማንሳት ይቻላል።

"11. ንግብሪ ይግበኣኒ ሰማዒ ጉባኤ ዝቐርብ ይግባኣኒ"

1. ኣብ ዝኾነ ኣወሳስና ቀረፅ ቴምብር ቅር ዝበሎ ከፋሊ ቀረፅ ይግበኣኒ ንግብሪ ይግበኣኒ ሰማዒ ጉባኤ ምቕራብ ይኽእል።
2. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ዝቐርብ ይግበኣኒ፦

ሀ. ከፋሊ ቀረፅ ካብቲ ዘከራኽር ዓቐን ቀረፅ ቴምብር ሓምሳ ሚኢታዊ ንኤጀንሲ ብምትሓዝን፣

ለ መፍለጢ ውሳነ ቀረፅ ወይ ብጥርዓን መፃረዪ ዝተውሃበ ውሳነ ንቲ ከፋሊ ቀረፅ ካብ ዝበፅሖ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ እንተዘይቐሪቡ፣ ጥርዓኑ በግብሪ ይግበኣኒ ሰማዒ ጉባኤ ተቐባልነት ኣይህልዎን።

3. ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኣታዊ ግብሪ ቁፅሪ ኣዋጅ 68/1995 ብዛዕባ ኣቕራርባ ጥርዓንን ይግበኣንን ከምኡ'ውን ኣወሳስና ዝተቐመጡ ድንጋገታት ከምኩነታቶም በዚ ኣዋጅ ንዝቐርብ ይግበኣኒ ተፈፃምቲ ይኾኑ።

"12. ውሳነ ግብሪ ይግበኣኒ ሰማዒ ጉባኤ ብምቅዋም ዝቐርብ ይግባኣኒ"

1. ይግባኣኒ ሰማዒ ጉባኤ ኣብዝሃቦ ውሳነ ስሕተት ሕጊ ኣሎ ኢሉ ዝቃወም ዝኾነ ይኹን ተኸራኻሪ ወገን ውሳነ ግብሪ ይግበኣኒ ሰማዒ ጉባኤ ካብ ዝበፅሖ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ይግበኣኒ ምቕራብ ይኽእል፣
2. ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣብ ሕጊ መሰረት ብምግባር ዝተልዓለ ክርክር ኣፃሪዩ ብምውሳን ንግብሪ ይግበኣኒ ሰማዒ ጉባኤ ይመልሶ፣



"11 ለግብር ይግባኝ ሰሚ ጉባኤ የሚቀርብ ይግባኝ"

1. በማንኛውም የቴምብር ቀረጥ አወሳሰን ቅር የተሰኘ የቀረጥ ከፋይ ለግብር ይግባኝ ሰሚ ጉባኤ ይግባኝ ማቅረብ ይችላል፣
2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ (1) መሠረት የሚቀርብ ይግባኝ፦

ሀ. ቀረጥ ከፋዩ አከራካሪ የሆነውን የቴምብር ቀረጥ መጠን ሃምሳ በመቶ ለኤጀንሲው ካስያዘ፣ እና

ለ. የቀረጥ ውሳኔ ማስታወቂያው ወይም በአቤቱታ አጣሪ የተሰጠው ውሳኔ ለቀረጥ ከፋዩ ከደረሰው ቀን ጀምሮ በ30 ቀን ውስጥ ካልቀረበ፣ አቤቱታው በግብር ይግባኝ ሰሚ ጉባኤ ተቀባይነት አይኖረውም።

3. በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት በገቢ ግብር አዋጅ ቁጥር 68/1995 ስለይግባኝ እና ቅሬታ አቀራረብ እና አወሳሰን የተደነገጉት እንደአግባብነታቸው በዚህ አዋጅ መሰረት ለሚቀርብ ይግባኝ ተፈፃሚ ይሆናል፣

"12. የግብር ይግባኝ ሰሚ ጉባኤ ውሳኔን በመቃወም ስለሚቀርብ ይግባኝ"

1. ይግባኝ ሰሚ ጉባኤ የሰጠው ውሳኔ የህግ ስህተት አለ በማለት ያልተስማማ ማንኛውም ተከራካሪ ወገን የግብር ይግባኝ ጉባኤው ውሳኔ በደረሰው በ30 ቀን ውስጥ ለጠቅላይ ፍርድ ቤት ይግባኝ ሊያቀርብ ይችላል፣
2. ጠቅላላ ፍርድ ቤት በሕግ ረገድ የተሰጠውን ክርክር መርምሮ ውሳኔ በመስጠት ጉዳዩን ለግብር ይግባኝ ሰሚ ጉባኤው ይመልስለታል፣

3. ቅድም ኢሎም ኣብ ቁፅሪ ኣዋጅ 124/1999 ዝነበሩ ዓንቀፅ 10፣ 11፣ 12 ከከም ቅደም ሰዓቦም 13፣ 14፣ 15 እንተኾኑ ዓንቀፅ 13፣ 14፣ 15 ዝነበሩ ድማ 16፣ 17፣ 18 ኮይኖም ኣለው።

4. <u>እዚ ኣዋጅ ዝፀንዐሉ እዋን</u>

እዚ ኣዋጅ ካብ 30 ሓምለ 2002 ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

ፀጋይ በርሀ

ፕረዚዳንት ብሄራዊ ክልላዊ

መንግስቲ ትግራይ



3. ቀደም ሲል በአዋጅ ቁጥር 124/1999 የነበሩ አንቀፅ 10፣ 11፣ 12 እንደየቅደም ተከተላቸው አንቀፅ 13፣ 14፣ 15 ሲሆኑ አንቀፅ 13፣ 14፣ 15 የነበሩ ደግሞ 16፣ 17፣ 18 ሆነዋል።

4. <u>አዋጁ የሚፀናበት ጊዜ</u>

ይህ አዋጅ ከሐምሌ 30/2002 ጀምሮ የፀና ይሆናል።

ፀጋይ በርሀ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ

መንግስት ፕረዚዳንት